UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ንኩነታት ጸጥታ ሴሜናዊ ምዕራብ ብዝምልከት ንዓለም-ኻዊ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮዕያ ዝምልከት መግለጺ

**ነሓሰ 04, 2015**

ጀኔቫ **(04 ነሓሰ 2015)** ዓለም ለኸ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሴሜናዊ ምዕራብ ክልል ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልል ኣምሓራ እናኸፈአ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ጽጥታ ኣዚዩ የሻቅሎ።

እዚ ኮምሽን ነቲ ብሓምለ 28, 2015 ብቤት ምኽሪ ሚንስተራት ብኣዋጅ ቁጽሪ 6/2015 ዝተኣወጀ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ፡ ብመሰረት ቅዋም ብባይቶ ወከልቲ ህዝብታት ምጽዳቅ ዝሓትት ኣዋጅ ምኻኑ ኣስተብሂሉ እዩ።

ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተሰነዩ እዮም ነይሮም። ከምኡ'ውን እዚ ኮምሽን ስለዚ መንግስቲ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ኣህጉራዊ ውዕሊ ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ዘለዎ ኣህጉራዊ ሕጋዊ ግዴታታት መትከላት ኣድላይነት፥ተመጣጣኒነተን ፍልልይ ዘይብሉ ብጥብቂ ክኽተል ንላቦ።

ኮምሽን ኩሎም ወገናት ሰብኣዊ መሰላት ከኽብሩን ነቲ ኩነታት ንምህዳእ ስጉምትታት ክወስዱን ፍልልያት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ዝሕግዙ መስርሓት ቀዳምነት ክህቡን ንጽውዕ።

ተፈጸመ

**ድሕረ ባይታ፡ ውድብ ሑቡራት ሃገራት ቤት መኽሪ ሰብኣዊ መሰላት** ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ፡ ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዕለት 08 ታሕሳስ 2014፡ ብውሳነ ጽ 33/1፡ኣብ ልዕሊ ክስታት ምጥሓስን ግህሰትን ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ጥሕሰት ናይ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግን ኣህጉራዊ ሕጊ ስደተኛታትን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ብኹሎም ወገናት እቲ ግጭት ዝተፈጸመ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓመጻትን፡ ግህሰታትን ክህሉ ዝኽእል ጾታዊ ሸነኻት ሓዊሱ ዕሙቅ ዝበለ ምርመራ ንከካይድ

ሓላፍነት ዝተወሃቦ ኮምሽን እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ስልጣን ኮምሽን ኣብ መበል 51 ኣኼባ ቤት ምኽሪ ብውሳነ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት A/HCR/RES/51/27 ንሓደ ዓመት፡ ማለት ውን ክሳብ ታሕሳስ 2023 ተናዊሑ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ** ብዛዕባ ስራሕ ኣህጉራዊ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብዚ ዝስዕብ *https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/ffm-iran/index* *ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።*

***ንዝያዳ ሓበሬታ ሕቶታት ሚድያን፡*** *በጃኹም ንቶድ ፒትማን ኣማኻሪ ሚድያ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኮምሽን በዚ ዝስዕብ ኣሜል ኣድራሻ todd.pitman@un.org, ፡ ሞባይል +41 76 6911761 ወይድማ ፓስካል ሲም በዓል ሞያ ሚድያ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኮምሽን ኢሜል simp@un.org. ተወከሱ።*